## ሕዱር ዓሻ እንክልብም: ኣብ ጥፍራርያ ይሕባእ!!!
## ጓህሪ ኢየ ዝብል እንተፈከረ! ሓሙኽሽቲ ኢዩ ትርፉ!!!

ኣብ'ዚ ዘለናዮ ዘበነ ዓውሎማ 21 ክፍለ ዘመን: ነበረያ ነበረ ዝዝንተወሉ: ጽላለ ንቡር ተወሲዱ: ብዕራይ:- መላእ ኮይኑ ወለደ:: ህበይ 'ውን ሰብ ኮይኑ ነገደ: ዝበሃለሉ ዘበን ኣይኮናን ዘለና:: ዘበነ ቑርዲድ ሰጊርናዮ ኢና:: ነዚ ክንሰግር ግን: ብዙሕ ክነግር ኣይኮነን ዘድልየና ነይሩ: እንታይ ድኣ? ኣብ ባይታ ብተወፋይነት ክንረባረብ ኢዩ ዝሓተና ነይሩ::

**ደራሲ ምቅንጃው ገድሊ:-**
**ዮሴፍ ገብሪህይወት**







ንናይ ዮሴፍ ሞት: ንባዕሉ ንዮሴፍ ኣርድእዎ!! ከይኮነና ኢልና ክንሓልፎ ዘይኮነ: እቲ ሓቂ ክንገልጾ: ዘሕለፍናዮ ገድልን መስገደልን ብምቅንጃው ገድሊ ዝገልጹ መናፍቓን መግዛእቲ ጎኒፎምና ኢዮም:: ከም'ቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝገልጾ: በሕዋቱ ዝተሸጠ ዮሴፍ ዘይኮነስ: እዞም ናይ ዓድና ዮስየፋት ግን: ብድልየቶም ብዘይ ዕርቡን ናብ ጸላእቲ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝተሸጡ መናፍቃን ኢዮም ዓብሊኾምና ዝነበሩ:: ሎሚ ኸኣ: ከም'ቲ ሙሴ ብበትሩ ገይሩ ንባሕሪ ኤርትራ ብምጭዳድ: ንህዝበ እስራኤል ካብ ኢድ ፎርኦን ዘድሓኖም:: ድርሳነ ልሳን ወያነ ዝተቐበለ: ብስም ሙሴ ዝተጠመቐ: ሙሴ ዝብል ሽም ስለ ዝሓዘ: ንነብሱ ከም በትረ ሙሴ ዝወሰዳ: መድሕንኩም ኢየ ዝብል ሙሴ ዮውሃንስ ዝብሃል ዘይበሰለ መናፍቓን ናብዛ ጉያና ወሪዱና ኣሎ:: እቲ ስዉእ 'ውን ኢሉ ኢዩ:- "ድሕሪ መስዋእተይ: ብጽዋእ መስዋእተይ ልቦም ፍስሃ ዘይመልእ: ንደመይ ክዝክሩ እንከለዉ: ኣብ'ዛ ቅድስቲ መሬት ኤርትራ ምህላዎም ዝሕርብቶም: ኤርትራ ብገፋሓ እትጸቦም ዓቀይቶት ሓድጊ መግዛእቲ ክህልዉ ኢዮም እሞ: ንስመይ ልዕሊ እቲ ገንሸል ዝኾንክሉ ህዝበይ ደጋጊሞም እንተልዓልዎስ: ፍቕረይ ኣብ ልቦም ተሰሪቱ: ሕድረይ ኣብ ዝባኖም ተጻዒኑ ዘይኮነስ: ኪኖ መስዋእተይ ሞተይ ዝጽበዩ ቀተልተይ ኢዮም እሞ: ካብዞም መናፍቓን እዚኦም ተጠንቀቑ!"ኢሉ'ዩ 'ቲ ስውእ::

እዞም ሓምሊ ባዕዲ ዘድራሽኦም ሓሳኹ ድማ: ክሳብ ዘርኢ ክሕደት ካብ ሃገርና ዝድምሰስ: ዕረፍቲ ወይ ራህዋ ንረክብ ኢና ኣይበሉ:: ስለ'ዚ ከም'ቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነተን እንዳበኽያ ዝሰዓበኦ ኣንስቲ: ምእንታኻትክንን ምእንቲ ደቅኻትክንን ድኣ ብኽያ 'ምበር: ምእንታይሲ ኣይትብከያ ዝበለን:: እዞም ዳህያ ዝፋሎም ናይ ህዝቢ ቁንቁነ 'ዉን: ምእንቲ ገዛእ ርእሶም ደኣ ይብከዩ 'ምበር: ህዝቢ ኤርትራስ ኣይንታዮምን!!! ንሳቶም ከኣ ኣይንታዩን!! ኢዮም::

**ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ)** **ቖርኔልዮስ ዖስማን ኣጋር**





ንውሓት ቅድሜኻ ዘሎ መንገዲ ክትልክዕ: ብድሕሪት ዝሓለፍካዮ ጉዕዞ ግልጽ ኢልካ ምምልካት: ነቲ ክትበጽሖ እትደሊ ሽቶ ቅመራኻ ዘስተኻኽል ስነ ፍልጠታዊ መዐየሪ ኢዩ:: ስለ ዝኾነ: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) መን ኢዩ? ነዚ ንምፍላጥ ድሕር ኢልና ናብ ድሕረ ባይታ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ክንድህስስ ኢና::

ሙሴ ዮውሃንስ ይብሃል:: ኣብ ከተማ ኣስመራ ጣባ ኣብ ዝብሃል ከባቢ ኢዩ ተወሊዱ ዓብዩ:: ንሱ ከም ዝብሎ: ትውልዲ ዓዱ ብናይ ቀደም ኣጸዋውዓ: (ኣውራጃ ሰራየ ከባቢ ጽልማ) ዘባ ደቡብ ኢዩ:: ዕድሚኡ ከባቢ 50 ዝበጽሐ ሙሴ ዮውሃንስ: ኣብ ግዜ ስርዓት ደርግ:- (የወጣቶች ማህበር ስራ ኣስከያጅ: የቦርዱ የኢሰፓ የበላይ ተጠሪ

ሃላፊ:) ናይ (ማሕበር መንእሰያት ስራሕ ኣካያድን ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኢሰፓ ቦርድ ሓላፊን) ኮይኑ ኢዩ ዝሰርሕ ነይሩ:: ቀርኔሎስ ያስማን ኣጋር 'ውን: ሓደ ካብ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ኢሰፓ ዝነበረን: ብስርዓት ደርግ ናይ ፖለቲካ ሪእዮተ ኣለም ክመሃር ናብ ዩጎዝላቪያ ዝተላእከን: ላዕለዋይ ሓላፊኡ ንሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ዝነበረን: ኣብ ዓዲ ቀይሕ ናይ ዝሃለቑ መንእስያት ኣብ እዋን ስርዓት ደርግ: ቀንዲ ተሓታትን ኣብ ምፍሓር ናይ ባረንቱ መቓብር ሓርበኛታት ኩናት ወያነ: ብመንገዲ እቲ ንሱ ዝመርሖ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ዝተባህለ ውድብ ዝተሳተፈ: መሳንይቲ መላፍንቲ ላዕለዋይ ሓላፊኡ ንሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ኢዩ ነይሩ::

## መሓሪ ኣብርሃም



ሰይጣን ከም ኣመሉ: እንዳተብዐ ይፈርሕ!!! ከም ዝበሃል:: ስርዓት ደርግ ኸኣ: ኣብ ድሮ ስዕረቱ ነቶም መጋበርያ ዝኾንዎ ዝነበሩ ኣሳሰይቱ: ናብ ትሕቲ ቐይዲ ዘእተወሉ ግዜ: ናይ (የወጣቶች ማህበር ስራ ኣስከያጅ: የቦርዱ የኢሰፓ የበላይ ተጠሪ ሃላፊ:) ናይ (ማሕበር መንእሰያት ስራሕ ኣካያድን ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኢሰፓ ቦርድ ሓላፊን) ንዝነበረ ሙሴ ዮውሃንስ 'ውን: ደርግ ኣብ ክፍላ 1990 ናብ ትሕቲ ቐይዲ የእትይዎ:: ምኽንያት መቐየዲኡ ከኣ: ፖለቲካዊ ጉዳያት ብዘይ ምንባሩ: ደርግ ምስ ጽበት ኣብያተ ማእሰርቲ ጥራይ ኢዩ: ናብ ማርያም ግምቢ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ቤት ማእሰርቲ: ምስ መሳርሕቱ መሓሪ ኣብርሃም ቀይድዎ:: መሓሪ ኣብርሃም ምኽትል ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ኢዩ ነይሩ:: ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ንመላእ ኤርትራ ሓራ ኣብ ዝገበረሉ እዋን 24 ግምቦት 1991 ከኣ: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ)ን መሓሪ ኣብርሃምን ምስ'ቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጊኖም ዝነበሩ እሱራት ብሓባር ነጻ ተለቒቖም ዝወጹ::

ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ: ነቶም ካብ ተሪር ቀይዲ ወጻኢ ዝነበሩ ኣባላት ኢሰፓ: ህዝቢ ካብ ቂምን ቅርሕንትን ክገላገል ብማለት: ንኹሎም ካብ ቀይዲ ነጻ ዝነበሩ ኣባላት ኢሰፓ ብናይ ጉልበት ስራሕ: ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ክኽሕስዎ ብማለት: ንሽሞንተ ወርሒ ናይ ጉልበት ስራሕ ክሰርሑ ኣብ ዝኣዘዘሉ ህሞት: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ነቲ ብመንግስቲ ዝተመደበሉ ናይ ይቕረን ነስሓን መቕጻዕቲ ነጺጉ: ኣብ መእተዊ ዓመተ 1994 ናብ ኢትዮጵያ ሃዲሙ ዝሰገረ:: ተለም እንተጸላእኩስ: ጋሕጠጥ: ዝብልኹም ከም'ዚ ኢዩ::

ሙሴ ዮውሃንስ(ወዲ ጣባ): ናብ ኢትዮጵያ ድሕሪ ምህዳሙ: ምስ'ቶም ኢህወደግ ንስምምዕ ውዕል: ናይ ሽዑ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራን መሰጋገሪ መንግስቲ ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያን ዝተኣትወ ውዕል: ሓድሕዳዊ ምክብባርን ኣብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ኩነተ ኩነት ኣንጻር ሓድሕድ ዝቖንዐ ምቅንጻልን ኣሉታዊ ፖለቲካዊ ጎስጓስ ከይካየድን ንዝብል ስምምዕ ብምጥሓስ: ወያነ: ኣብ ሕቝፍኡ ንምንቅስቓስ ደምሓኤ ይሕብሕቦ ስለ ዝነበረ: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ኸኣ: ኣብ መቐለ ምስ'ዚ ዝተጠቕሰ ውድብ ብምጽንባር: ኣንጻር ህዝብን ሃገርን መንግስትን ኤርትራ ኣዕናዊ ምንቅስቓስ ከካይድ ጸኒሑ::

ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ኣብ ዕድሚኡ መዛንኡ ኪኖ እቲ ዕጫን ምርጫን ዘሎ ሰፍነግ ፈቲንም: ካብ ክብረተ ንዋይ: ብታሪኾም ድሕነት ህዝቢ መሪጾም ናብ ሽንጭሮታትን ሕሉማትን ኩርባታትን ጎቦታትን ሳሕልን ጎላጉል ሩባታት ባርካን ዝሰፈሩ ኣናብስ በረኻ: ብማዕዶ ኣብ ሕድርቲ ሓንቲ ለይቲ እተዕቅል ናይ መግዛእቲ ዕንኪይ ሰረገላ ተወጢሑ: ነታ ዒሕ ኢላ ዝወለደት ኤርትራዊ ማህጸን ከንብዕ እንከሎ; ካብ ቀዳማዩ ዳሕራዩ ገደደ ከም ዝብሃል: ነቶም ሞትን ህይወትን ተቐሪቡሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ: ብጥበባቶምን ኒሖምን ትብዓቶምን ሩባ ባርነት ዘሳገሩኻ ኣሕዋትካዶ: ከም'ዚ ኣቢልካ ክንቀፉን ክጽየፉን ኣንጻር ናይ'ቲ ንምድሓንካ ዘካየድዎ መስዋእቲ ረጊጽካ: ንኽይዓርፉ ብኹሊት ንምውጋኦም

ይግባእ ኢዩ:: ድቦላ ኮይኑ ዝስመዓና ዘሎ ማይ ንዓቀብ ከም ዝብሃል: ግዜ ሪኢኻ ሕለበኒ በለት ጓል ላሕሚ: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ኣእምሩኡ ጠንጢንዎ ድኣ እንዳሃደመ 'ምበር: ቆልዓ ምስ ተወልደ ብድድ ኢሉ ኣስናኑ ዝሕርቅምሲ ኣይተራእየን:: ሙሴ ዮውሃንስ(ወዲ ጣባ) : መዘንኡ ኣኽሊል ነጻነት ሒዞም ካብ ማእሰርቲ ነጻ ኣገላጊሎሞ ጥራይ ዘይኮነ: ሽዑ 'ውን ነዛ ነጻነት ሒዞም ክመጹ እንከለዉ: ኣብ ኢዶም ብኽልተ ግናዕ ተጸፍጺፉ ዝዕየር ኣዋርቕ: ወይ ድማ: ምራቕካ እንዳጠልቀኻ ዝፍቀድ ገንዘብ ሒዞም ኣይኮኑን ኣትዮም: የእውዳዎም ብረስኒ ጠያይቲ ቓሬት ቓሬት እናጨነወ: ሳንቡኦም ምስትንፋስ ክሳብ ዝስእኑ ብባሩድ ቦምባታት ተዓብሊኹ: ንዓመታት ኣብ ጸልማት ሓምቢሶም: ኣፍ ልቦም ብጠያይቲ ተበሳሲዑ ደም ጃሕ-ᒍጃሕ ኢሉ እንዳዛረየ: እታ እንኮ ህይወቶም እንዳኸፈሉ። ናይ ዘለኣለም ብርሃኖም ሲኢኖም ኢዮም ብርሃን ክዕድልዎ: ንሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ንፋስ ኣዱናያ ብራሓ ከም ዘስተንፍስ ገይሮሞ ክነሶም ኢዩ: ብጊሓቱ ኣንጻር ዕላማን መንፈስን ራኢን ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ርኹስ መንፈስ ከዐውት ክብል: ናብ ኢትዮጵያ ዝሰገረ:: ለባም ሓታትይ ተረኺቡ እንታይ ኢዩ ሽኑንካ ዝብሎ እንተዝረከብሲ: እንታይኮን ምመለሰ?

ኣዛብእ ምስ ኣጣል ብሓደ እንተሰፈሩስ ውጺኢቱ ትስሕትዎ ኣይመስለናን:: ንነብሱ ዘየድሓነ ዲበላ: ንጤልን ኣርሕዶኡን ከድሕን ዘይሕሰብ ኢዩ:: ስለ ዝኾነ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ምስ ግዜ ኣይጸንሐን ኣባል ማእከላይ ሽማግለን መሪሕነት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ናይ'ቲ ውድብ ብምዃን ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበረ እዋን: ኩናት 1998 ምስ ተባርዐ: ነቶም ንወያነ ስለያዊ ንጥፈታትን መንገዲ ኣብ ምምራሕን ምስ ወያነ ኮይኖም ሰሊኾም ብምእታው: ንህዝቢ ብምድንጋርን ኣዴታትን: ዕሽላት ደቂ ኣንስትዮን ብዓመጽ ካብ ዝደፈሩን: ክድፈራ እንከለዋ ክፋል ሓወልቲ ኤርትራ ንሰራዊት ወያነ ዘተባብዑን ንብረት ህዝብን መንግስትን ዝዘረፉን ዘዕነዉን: ናብ'ቲ ወያነ ተቖጻጺርዎ ዝነበረ መሬት ኤርትራ ብምእታው: ንውድብ ደምሓኤ መሪሑ ናብ መሬት ኤርትራ ኣትዮም ዕንወት ካብ ዝፈጸሙን: ነቲ ዕንወት ካብ ዝመርሑን ቀንዲ ካብ'ቶም ኣውራ: ኣብ ምዕናው ታሪኻዊ ሓወልትታት መጠራን በለው ከለውን ንዝወረደ ዕንወት 'ውን ካብ ዝመርሑ ሓደ ኢዩ ሙሴ ዮውሃንስ(ወዲ ጣባ):: ብዘይካ እዚ እቶም ኣብ ምዕራብ ኤርትራ ባረንቱ መቓብር ሓርበኛታት ብሰራዊት ወያነ ክፈሓር እንከሎ ኣሳሰይቲ ዝነበሩ: ኣባላት ደሞክራስያዊ ምንቅስቃስ ሓርነት ኩናማ 'ውን: ናይ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) መሳንይቲ ኣጋር ኢዮም ነይሮም:: ዝብኢ ኪኖ ስጋ ጤል ንነብሱ 'ውን ዝምንጭት ሃርጋፍ ኢዩ: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ናብ ኤርትራ ዝሸምቶ ደሞክራሲ ኸኣ: ከም'ቲ ዝብኢ ድሕሪ ስጋ ጤል: ናብ ነብሱ ዝዓይነቱ ኢዩ::




ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): መራሒ ጭፍራ ወያነ መለስ ዜናዊ ሕብሪ ዓይንኹም ደስ ኣይበለናን ብማለት: ነቶም ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ኢትዮጵያ ተሰዲዶም: ነታ ብቁጣባዊ መዳይ ነታ ሃገር። ሃገር! ሃገር! ከም እትሽትት ገይሮማ ዝነበሩ ኤርትራውያን: ኤርትራውያን ብምዃኖም ጥራይ: ንብረቶም ንምዝራፍ ንኽጥዕም: ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝኸሓነ ጽልኣም ዝያዳ ንምቕርዓን: ንብረት ኤርትራውያን ዘሪፎም ዘባርርሉ ዝነበሩ እዋን: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ኤርትራውያን ሰብ ንብረት ናብ ዘለዉዎ ቦታ እንዳገስገሰ: እዚ: ወይ እዚኣ: ስሩዕ ናይ ሻዕብያ ኢዩ ኢሉ ብምግፋዕ: ንገሊኦም ከኣ: ካብ'ቲ ዘንጸላልወኩም ዘሎ ሓደጋ ከገላግለኩም: ገንዘብ ክፈሉ ኢሉ ጉቦ ብምቕባል: ንበዓል ጋዕሳ ዘይትሓልፍ መዓልቲ ኣላታ ከም ዝብሃል: ምስክር ወረቐት ኣባልነት ውድብ ብዝተዓጻጸፈ ዋጋ ብምሻጥ: ሎሚ: ሓላይ ደቂ ኣንስትዮ ተመሲሉ: ንብዓት ሓርገጽ! ዝነብዕ ዘሎ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ትማሊ ኣብ ማእከል ኢትዮጵያ ንኽንደይ ንጹሃት ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ: ዝደፈረን ዝዓመጸን ኢዩ:: ነዚ ኣሉ ዝብሎ እንተኾይኑ: ከም'ቲ ምስላ

ኣበዋት: "ዝበኣሱ መላእኽቲ: ዘይዕረቑ ኣጋንንቲ:" ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ኣጋጣሚ ግዜ ረኺበ ኢሉ: ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ናይ'ዞም መንእሰያት: ጦብሎቕሎቕ ኢሉ ክፍትፍት እንተሃቂኑ: ህዝቢ ኤርትራ ኸኣ ቆላሕታኡ እንተኣንቢሩሉ: ምስ ዕድሉ ዝሰማማዕ ኣይመስለናን:: ምእንቲ እዚ:- "ንድዉይ: ድዉይ እንተዘይልካዮ: መኣዲ ቀሪቡ ኢዩ ዝፍትፍት!" ንጃሱስ ከኣ: ጃሱስ! ኢኻ ብርግጽ ሉኡኽ ወያነ ኢኻ እንተዘዩልካዮ: መኻሪ ተመሲሉ ኢዩ ውራይ ሃገር ዝዕንቅጽ::

ወያነ ድሕር'ቲ ዝተንልበበ ስዕረት ዛዛሚ ኩናት 3ይ ወራር: እታ እንኮ ዝሓንጸጸ ውጥን: ንመሳርዕ ሓድነት ህዝብን መንግስትን ንምፍርራስ ሓደ ሜላ ምሓዝ ዝብል ኢዩ:: ደድሕሪቲ እቲ ሰበ-ስልጣን ወያነ ነዚ ንምትግባር: ናብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም ጎስጓስ ንምክያድ: ሉኡኻቶም ዘዋፈሩሉን ንሳቶም ንባዕሎም ብቑሎዕ ኣብ ማእከል ኤርትራውያን ኣትዮም ጎስጓሳት ዘካየድሉን: ድሕሪ ምውዳብን ምክያድን ዋዕላ ኣዋሳን: ምቛም ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ: ወያነ ንሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ምስ 6ይ ርእሱ ናብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም: ንመሳርዕ ሓድነት ህዝብን መንግስትን ግምባርን ንምፍርራስ ካብ ዝለኣኾም ገበርቲ እከይ ሓደ ኢዩ::

ሙሴ ዮውሃንስ(ወዲ ጣባ): እዚ ኹሉ ዘዕገርግረካን ዘድፍረካን ዘሎ: ንዘይትኽእሎ እገብሮ ኢየ ኢልካ ዝበላዕካዮ ገንዘብ እንተሎ ምለሰሎም: ኦም-ብኦም ዝተባህለ በቶም ውሑድ ዝቑጽሮም: ከብዶም ዝኣምላኾም መንቅታት ኮይኖም: ደመ ነፍሶም ብህውታትያ ዝገሹ ስለ ዝኾነ ኸኣ: ህዝቢ ብዝርእዮ መንገዲ: ወያነ ንሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ንሓጺር እዋን ኣብ ቀይዲ ድሕሪ ምእታው: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣምሊጡ ከም ዝሃደመ ብምምሳል: ን11 መዓልቲ ኣብ ሱዳን ድሕሪ ምርኣዩ: ካብ መንግስቲ ኤርትራ ስግኣት ስለ ዘለዎ: ሃገረ ሱዳን ንዑኡ ውሕስነት ስለ ዘይትህቦ: ናብ ከንያ ከም ዝሃደመ ኣምሲሉ ጉዕዝኡ ናብ ከንያ ብምቕናዕ: ኣብ ከንያ ኸኣ: ወያነ ኣብ ስግኣት ከም ዝሸሞ ብምጽብጻብ: ወያነ ብዘዳለወሉ ናይ ተሃዳንነቱ ዝገልጽ: ብወያነ ዝተመስረሐ ሰነዳት: ንወኪል ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ከንያ: ናይ ዑቕባ ሰነዱ ዘቕርበሉ ህሞት: ምስ'ቲ ኣቦ ወንበር ተሓላቒ ሰብኣዊ መሰላት ብሄረ ጋምቤላ ዶክተር ኦባንግ ማትሆ:

Dr. Obang Metho ኣብ ነርወይ ዘቕረቦ: ንስግኣት ተቓለስቲ ውድባት ኢትዮጵያን ተደለይቲ ዝኾኑ ሉልያት




ኢትዮጵያውያንን ኣብ ከንያ ንዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማት ኣመልኪቱ ዘቕረቦ ጸብጻብ ብምዝማድ ከኣ: ወኪል ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ከንያ: ንሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ምስ ኤምባሲ ነርወይ ብምርድዳእ: ናይ ነርወይ ሪስትልመንት ሰነድ ምቕባል ዑቕባ ረኺቡሉ: ጌና ኣብ ከንያ እንከሎ ናይ ዑቕባ መሰሉ ተሓልዩ ኢዩ ናብ ሃገረ ነርወይ ኣትዩ::

እቶም ብዝተፈላለየ መልክዕን ተልእኾን ምስ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ዝተላእኩ ሰባት: ክልተ ከም ስደተኛታት ሽመልባን ማይ ዓይንን ተሓሲቦም: ብመንገዲ ወያነ ብዝተሳለጠሎም ሰነዳት: ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዑቕባ ተዋሂብዎም ኣትዮም እዮም:: ኣብ እዋኑ ኸኣ: ኣብ'ቲ "ህዝቢ ኤርትራ ብዕሊ ክግንዘቦ ዝግባእ ሽርሒታት ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራን: ስንክሳር ማሕለኻታቱን!!!" ብዝብል ዘቕረብናዮ: 3ይ ክፋል እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኣቕሪብና ነይርና ኢና:-

ፋና ተስፋልደት

ተወልደ ገብረስላሴ



ፋና ተስፋልደት: ኣብ ዞባ ደቡብ መሎኽሰይቶ ዝተወልደት ዕባይ ከተማ ሰንዓፈ ኮይና: ብምምህርና ተቖጺራ ትሰርሕ ዝነበረትን ድሕሪ ኩናት 1998 ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንከባቢ ሰንዓፈ ኣብ ዝገደፈሉ እዋን: ንሰራዊት ወያነ መሪሑ



ናብ መሬት ኤርትራ ብምእታው: ንህዝቢ ኤርትራ ዘበሳበሰን ዝሸምገላ ኣዴታትን ዝቐረባ መነኩሳትን ጌና ዘይበጽሓ ጎራዙት ዓዲን ዓዲ ውዒል ኣዴታትን ናይ ዝዓመጸ: ብደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ናይ ዝፍለጥ ብተወልደ ገብረስላሴን ብርሃነ ሃንጀማን ልኡል ጋይምን ናይ ዝምራሕ: ሰደግኤን ደምሓኤን ዝተባህለ ዓመጸኛ ውድብ ተሰሪዓ ብሚስጢር ክትነጥፍ ድሕሪ ምጽናሕ: ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ነቲ ቦታ ድሕሪ ምቁጽጻሩ: ናብ ስርዓት ወያነ ኢዳ ድሕሪ ምሃብ: ብወያነ ፍሉይ ምልመላ ተኻይዱላ: ብጉልባብ ስደተኛነት ሰነዳታ ብላዕለዎት ማእከላት ስለያ ወያነ ተወዲኡላ: ብመንገዲ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ልክዕ ከም'ቶም ዝበዝሑ ወያነ ዝመልመሎምን ብቐጽሮም 'ዉን ትግራዎት ዝዓብለሉዎ: ብስም ናይ ኤርትራ ስደተኛነት ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝፈለሱ: ፋና ተስፋልደት 'ውን: ከም ኤርትራዊት መመላእታን መታሓፍስትን ክትከዉን ጥራይ ዘይኮነ: ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ምስ ኣተወት ከተማልኦምን ከተተግብሮምን ዘለዋ ስለያውን ፖለቲካውን ዕማማት ተዋሂቡዋ: ነቲ ንኤርትራውያን ንወጻኢ ሃገራት ይለኣኹ ኣለዉ ዝብል ፕሮፖጋንዳ ንምሕፋሱ እንተላይ ተባሂላ ካብ ዝተዋፈረት: ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ትነብር ዘላን ኣብ ፖለቲካዊን ጸጥታውን ጉዳያት ኤርትራ ናይ ወያነ መልሕቕ ኮይና ትሰርሕ ዘላ ኢያ

እታ ኣብ እዋኑ ብቕልጡፍ ዘለለናያን ዝፈለጥናያን ኣባል ኣመራርሓ ናይ'ቲ ብብርሃነ የማነ (ሃንጀማ): ካብ ውድብ ደምሓኤ ናይ በዓል ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ዝነበሮ ውድብ ዝተፈንጨለ ሰደግኤ ዝተባህለ ውድብ ኣባል ዝኾነት: ዞባ ደቡብ መለኽሰይቶ ዝዓዳ ፋና ተስፋልደት: ድሒሩ ዝረኸብናዮ መረጋገጺ ከም ዘነጽሮ: መቦቆል ትውልዲ ዓዳ ብእንዳ ኣቡኣ ትግራወይቲ ምዃና ኢዩ ዘረጋግጽ:: ፋና ተስፋልደት ኣብ ስመር ሩም ዝተባህለ: ብቐንዲ ልኡኻት ወያነን ሰበ-ስልጣናቱን ዝመሓደር ፓል ቶክ wuhbet ብዝብል ስም ተጠሚቓ: ኣዕናዊ ምንቅስቓስ ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንምክያድ: ኣብ ማእከል መንእሰያት እከይ ተልእኾኣ እትነዝሕ ዘላ ፋና ተስፋልደት: ንሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ብጾይቱን መሳርሕቱን መማኸርቲ እከይ ውዲታቱን ኢያ::

ሳልሕ ጋዲ ምስ መለስ ዜናዊ




ፋና ኣብ'ዚ ሰዓት እዚ ምስ ጉጅለ ሃገራዊ ምዕባለ ንደሞክራሲ ዝብሃል ምንቅስቓስ: እዚ ምንቅስቓስ እዚ ምሉእ ደገፍ ናይ'ቲ ቡጉልባብ ዘይመንግስታዊ ትካል ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ሰብ ፍሉይ ረብሓ **(NED)** ዝምወል: ንምንቅስቓስ ዓርቢ ሓርነት ዘማእዝንን ዘማእክልን ክትነጥፍ እንክላ: ምስ ምንቕስቓስ EYSC ስርሒት ዓርቢ ሓርነት: ናይ ተልእኾኣ ካባ መንጠሊና ወድያ: ምስ በዓል ጳውሎስ ተስፋገርግሽ በዓታይ: ዳኒኤል ገብረሚካኤል ተወልደ: (ዳኒኤል ተወልደ) ሜሮን እስቲፋኖስ: ዶክተር ዳኒኤል ረዘነ መኮነን: ሰላም ኪዳነ: ዶክተር ኮሎኔል ዮናስ መሓሪን ዶክተር መስዑድ ፍሊ: ዶክተር መስዑድ ፍሊ ኣብ ፓል ቶክ (Tsere Mlki) ዝፍለጥ ሉሉይ ሰብ ኮይኑ: ተራ ዶክተር መስዑድ ፍሊ ኣብ ምንቕስቓስ ዓርቢ ሓርነት: ነቲ ናይ Robocall መስርሕ ኣብ ምውዳድ: ቀዳማይ ኣቀናባሪ ኢዩ ነይሩ:: ኣባላት ጉጅለ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራውያን ዓዋተ ፋውንደሽን (EHRA):- ሳልሕ ጋዲ: ዮኑስ ጀሃር: ዳዊት መስፍን: ዓሊ ዓብዱ (ዓሊሳልም): ሚኪኤል ኣዶናይ ክኾኑ እንከለዉ: ብሚርያም ቫን ራይዘንን NED ማዕከን ትካል ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ጆርጅ ሶሮስ ዝምወል ምንቅስቓስ እትነጥፍ ዘላ ክትከውን እንከላ: እቲ ካልኣያ ኸኣ: ብስም ተወልደ ገብረሊባኖስ ዝፍለጥ: ከባቢ 45 ዝዕድሚኡ ኣብ መጠራ ዝዓበየ: ከም ሓድሽ ተንቀሳቓስን ወዳብ መንእሰያት ደብረዘይቲ ብምዃን: ተመሊሱ ናብ ወያነ ኣዲስ ኣበባ ዝመላለስ ዘሎ: ወኪል መንእሰያት ደብረዘይቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኢዩ:: እቶም ዝተረፉ ሰለስተ ሰባት ግን: ዋላ 'ኳ ዝርዝር ኣስማቶም ብልክዕ

እንተዘይፈለጥናዮም: ንዝተፈላለየ ስርሓትን ተልእኾን ፋሕ ኢሎም 'ኳ እንተሃለዉ: ናይ ፍእምን ቕጥኑን መርመራ ነቶም ድሕነት ሃገር ዝኾኑ ገዲፍና ህየንተ ሰናይ እኪት ፈደዩኒ ኢዩ ነገራቶም!!!



ሓቀኛ ስም ዶክተር መስዑድ ፍሊ
ተወሳኺ ናይ ብርዒ ስም ዶክተር ብርሃነ ተኸስተ
ናይ ፓል ቶክ ፍሉጥ መጸውዒ ስም (Tsere Mlki)
ወናኒ መርበብ eritreadaily.net (ቅዳሕ ስእሊ ክፍላ 70 ታት)

ዳኒኤል ተወልደ



ዳኒኤል ተወልደ: ዘይወግዓዊ ኣባል ምንቅስቓስ ዓርቢ ሓርነት ኢዩ:: እዚ ዓርቢ ሓርነት ዝብሃል ምንቅስቓስ: ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ህዝቢ: ዓርቢ: ዓርቢ: ኣብ ከተማታት ካብ ምንቅስቓስ ተሓሪሙ: ናይ ስቕታን ቅጭታን ድምጺ ኣልቦ ተቓዉሞ ክገብር: ተሌፎን እንዳደወለ ዝጽውዕ: ኣድራሻን ንጹር ዕላማን ዘይብሉ ከም ደቂ ዛርትን ደቂ ሕድርትናን ዘረባ ኣብ እዝኒ ሰብ ወቂጡ: ብዘይ ምላሽ ዝምርቀፍ ደባይ ተዋጋኢ ኣሃዱ ናይ ተሌፎን ምንቅስቓስ ኢዩ::

**ሃገራዊ ምዕባለ ንደሞክራሲ (NED)**



ጳውሎስ ተስፋገርግሽ በዓታይ



ሜሮን እስቲፋኖስ



ስምኦን ወልደሃይማኖት



ኮሎኔል ዶክተር ዮናስ መሓሪ




ዶክተር ዲኒኤል ረዘነ መኮነን



ኤልሳ ጭሩም











ዩኑስ ጀሃር ሳልሕ ጋዲ ዓሊ ዓብዱ (ዓሊ ሳልም) ሚኪኤል ኣዶናይ ዳዊት መስፍን

መዘኻኸሪ ብዛዕባ ጉጅለ ሃገራዊ ምዕባለ ንደሞክራሲ ብዝሰፍሐ መልክዑ ኣብ ካልእ እነቕርቦ ጽሑፍ ክንዝርዝር ኢና

ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ካብ ልቕብቃብ ደምበ ተቓውሞን ምወላ ወያነ ከም ዝወጸን ተግባራቱ ኣዝዩ ከም ዘጣዓሶን ብምምሳል: ናብ መሳርዕ ደምበ ህዝባዊ ግምባር ደሞክራስን ፍትሕን ይርከበሉ ዝብሃል ቦታታት: ቀስ ብቐስ ድሕሪ ክጽምበር ምፍታኑ: ንመጀመርያ ግዜ ኣፉ ዝኸፈተ: ኣብ'ቲ ኤርትራውያን ሃገራውያን መርገጽ መንግስቲ ኤርትራ ብምድጋፍ: ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምንቅቓሕን ሓይሊ መኸተን ጽላል ሃገራውነትን ኣብ ምስሳን ምሕያልን ዝሰርሕሉን ዝነነጥፍሉን: ደምበ መንእሰያት ህዝባዊ ግምባር ደሞክራስን ፍትሕን ዝፍለጥ ፓል-ቶክ ቀሪቡ: ኣንጻር እቲ ብቐደሙ 'ውን: ዝተበታተኸ ከይተተከበ ዝተመናንህ ተቓውሞን ስርዓት ጁንታ ወያነን ናይ ይምሰል ቃላቱ ኣስሚዑ:: እዚ ስጊንጢር ዘረባ ኸኣ: ከም'ቲ ብሂል ኣቦታት:- "ይውጋእካ ኢሉስ: ይምሓርካ!" ኢዩ ነገሩ:: ኣቐዲሙ ከቋስለካ ዝሓገየ ጽንጽያስ: ኣብ ሞትካ ጂጅጅጅጅ ክብል ይቑዝም ኢዩ ነገሩ:: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ናይ እማን ተጣዒሱ ነይሩ እንተዝኸውን: ኡሩብናለ ሰሪሩ: ባሕሪ ተሳጊሩ ናብ ዓዲ በረድ ነርወይ መጺኡ: ምትሃት ናይ ገዝኡ ኮይኑ: ብድሕሪ ሳንዱቕ ሰይጣውንቲ ኮምፕዩተር ኮይኑ ካብ ዝለሀይ: "ሓቒፎም እንተላሃይዋስ: ዘላ መሲሉዋ::" ሓቂ እንተዝህልዎ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ካብ ናብ ስደት ዘምርሕ: ነቶም ብዘይ ዕረፍቲ ንዝተረከብዎ ሕድሪ ኣብ ሸትኡ ንኸብጽሑ: ግዜ ንእስነቶም ነዛ ክብርቲ ሓላል መሬት ሃገረ ኤርትራ ዝሃንጹን ዝከላኸሉን ዘለዉ መንእሰያት ከብርዮም: ናብ ዓዲ ዘይኣቱ:: ዓሻ ዲዩ በራኺ: ዋእ! እቲ ምስላል: እቲ ምጅሳሳ: እቲ ምጽንጻን: እቲ ፋሕ ብትን ምእታው ከ መን ክሰርሖ?

ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ነዚ ቀስ ብቐስ ኢሉ ብሰላሕታ ዘካየዶ ምትእትታው: ንነብሱ ብወዲ ጣባ ዝብል ናይ ፓል ቶክ ስምዩ ኣላልይዋ: መሬት ተናወጸት: ሙሴ ዮውሃንስ ዝብሃል: ነዞም (ደምበ ተቓመርቲ) ሙሴ ዘጠመቓም ሽም ኢዩ: ነዞም (ተቓመርቲ) ሽንግላጦም ዘውጽኦም ሰብ መጺኡ ኣሎ ተባህለ:: ካብ ደምበ ተቓመርቲ ኣብ ሕቆ ሕዝሎ ወያነ ተወጢሖም: መሬት ክእይዱ ናብ ዞባ ደቡብ ኣትዮም ዝነበሩ: በብሓደ እከይ ተግባራቶምን ዘዕነዉዎን ዝዝረፍዎን ብቑጽሪ ከቕርብዩ ተነግረሉ: ወዲ ጣባ ዶ በልኩም? እንታይ ወዲ ጣባ ድኣ: ወዲ ጠቢብ 'ምበር: ከመይ ዲዩ መሲሉካ? ነዞም ተቓወምቲ እኮ ፈቲሉ ኢዩ ከምዛ ቖኒን ርእሶም ዘዝረሎም ዘሎ ጥርሩምባ ተነፍሓሉ:: ኣማስዩኡ እንታዩ ዝርዝር መግለጺ ሂቡ? እንተበልካስ: ወያነ ኣሲራትኒ:: ወያነ ፈላልያትና:: ወያነ ናታ መሳርሒ ዝኾንዋ ኣቕሚጣ ኢያ:: ብወያነ ዝመጽእ ለውጢ የለን:: መንከ ብወያነ ለውጢ ክመጽእ ኢዩ ኢሉ? ብወያነ ለውጢ ክመጽእ ዝኣመነ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኣሎ ዲዩ? ኢልካ እንተሓተትካስ: ወይከ መልሲ:: ሓያል ተቓውሞ ግን የድልየና ኢዩ በለ ከይሓፈረ:: ኩሉ ልቢ ዘለዎ ነቲ ዝዝረብ ዘሎ ይጸብጽቦ:: ኣብ'ዚ ኢዩ ዘሎ እቲ ሚስጢር: ሓያል ተቓውሞ የድልየና ኢዩ: ብመን ዝተሰርሐ? ግን ምላሽ የለን:: ነየናይ ሕጊ ዝተኸተለ? መብርሂ የለን::

ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ህዝቢ ነዚ ዘቕርቦ ዘለኹ ክሰምዖ ስለ ዘለዎ: ኣፍልጦ ህዝቢ ክዓቢ ኣለዎ:: ኣብ ፈቓዶ ዓዲ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ከካይድ ክትውድቡለይ ኣለኩም በለ ከይሓነኸ:: መንእሰያት ኣይሓመቑን: ደሓን ቅድሚ ናብ ዓዲ: ዓዲ ምስዳድና: በዛ ቲቪ ኣፈናዊ ትዕዝብትና ንውሰድ ኢሎም: ኣብ ቲቪ ቃለ መሕትት ከካይድ ፈቐድሉ:: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ብዝበረኸ ደረጃ: ናብ ኣብ'ታ ብኣባላት ደምበ መንእሰያት ህዝባዊ ግምባር ደሞክራስን ፍትሕን እትካየድ ቲቪ ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ቀሪቡ: ውሕሉል ንነብሱ ዘተኣማምኖ ቃለ መሕትት ድሕሪ ምክያዱ: ኣፍ ልቡ ነፊሑ ናብ ፓል ቶክ ብምቕራብ: ኣብ ዝቐጸለ ናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ግዜ: ናብ ኤርትራ ይገይሽ ኣለኹ:: ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ካልእ መኻልፍ እንተዘየጋጢሙ: ብቲቪ ኤረ ቃለ መሕትት ክገብር ስለ ዝኾንኩ: ተኸታተሉኒ ብማለት: ዓይኒ ሓፋሽ ዓይኒ

ዓራት ምኟኑ ዝዘንገዐ ይመስል: ብፍላይ ከኣ ኣፍንጫ ጉጅለ ተጻናጸንቲ ሸቲታ ዘይትበጽሖ ምድሪ ኣለም ከም ዘየለ ኣይተሰቆሮን:: ነዚ ኣብ ግምት ከየእተወ ኢዩ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ንህዝቢ ተላብዩ ናብ ኣፍሪቃ ዝተጓዕዘ:: ክፉእሲ: ኣብ ከንዲ ዝስተር ይግተር!! ኢዩ ነገሩ::

## ክንፈ ገብረመድህን ብወያነ ዝተቐንጸለ ሓላፊ ስለያ



ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ጉዕዝኡ ዋላ ናብ ኣፍሪቃ እንተኾነ: ናብ ኤርትራ ገጹ ግን ኣየቕንዐን: ናብ ከንያ ኢዩ ከይዱ:: ኣብ ከንያ ኸኣ: ኣብ'ቲ ንሓደ ወርሒ ዝጸንሓሉ ግዜ: ምስ ሓደ ካብ ለኣኽቱ ዝኾነ ምክትል ሓላፊ ድህንነት ስለያ ኢትዮጵያ: ኢሰያስ ወልደገርግሽ ኢዩ ተራኺቡ:: ኢሰያስ ወልደገርግሽ ማለት: ንጌታቸው ኣሰፋ ምኽትሉ ኢዩ:: ጌታቸው ኣሰፋ ኸኣ: ናይ ኢትዮጵያ ምልእቲ ናይ ስለያ ሓላፊ: ብወያነ ዝተቐትለ ክንፈ ገብረመድህን ዝተክአ ኢዩ:: እዚ ርክብ እዚ ኸኣ: ድሕርቲ ጉጅለ ተጻናጸንቲ: "ህዝቢ ኤርትራ ብዕሊ ክግንዘቦ ዝግባእ: ሽርሒታት ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራን: ስንክሳር ማሕለኻታቱን!!! ዝብል: ንደርጎኛ ኣኼባ በልጅምን ምቕያር መደብ መንግስቲ ኣብ ኤርትራን: ዝርዝራዊ ምቅላዕ መደባት ወያነን ዘቃልዕ ን 6 ተኸታታሊ መደባት ዝቐረበ ጽሑፍ: ናብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መርበባት ሓበሬታ ድሕሪ ምውጽኡ ኢዩ: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ብጉልባብ መገሻ ኤርትራ ናብ ከንያ ብምኻድ: ምስ ሰበ ስልጣን ስለያ ወያነ ዝራኸብ ዘሎ::

ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ኣብ ኩሉ ዝህቦ ሪኢቶ ደጋፊ መንግስቲ ኮይኑ 'ኳ ክቐርብ ዝፍትን እንተነበረ: ወትሩ ግን ውድብ ናይ ምስራሕን: ነዚ ዘሎ ግምባር ማለት: ህዝባዊ ግምባር ደሞክራስን ፍትሕን ዝቆጻጸር ካልእ ገናሒ ውድብ ክህሉ ኣለዎ ኣብ ዝብል መርገጽ: በጨቕ የብል ነይሩ ኢዩ:: እቲ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ገናሒ ዝብሎ ዘሎ ውድብ: በየናይ ኢዩ ተጠሚቑ ክመጽእ 'ውን: ሓደ ሓደ እዋንሲ ይሞልቆ ነይሩ ኢዩ: ኮይኑ ግን መዓልቲ ክበስለሎም ዝጽበዩ በላሕቲ መንእሰያት 'ውን ኣይተገርሁን: በብእዋኑ ነዲሮም ዝዛረቡ 'ኳ እንተነበሩ: ነብሶም ገቲኦም ኢዮም ዝጽበዩዎ ነይሮም:: ናይዚ ኩነት እዚ ዝገልጽ ከኣ: ብድምጹ ዝተቐድሐ መርትዖታት ኣሎ::


ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ከም መልኣከ ሞት: ንሱታፌ ሩም ኣበሕትው ኣቢሉ ዓሎቕ ዝመልኦ ዘነይት ዝመስል: ግን: ነቲ ዝተኻየደ ቃልሲ ዘነውርን ንህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ብሓፈሻ ኸኣ ንሰውራ ኤርትራ ዝኸሰስን ንገርህኛ ሰማዒ ዘደናግር ናይ ፈጠራ ታሪኽ ካብ ምዝርጋሕ 'ውን ኣይቶቐጠበን:: ንሱ ይብል:- ''ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ንጸይቀ ዕሉል ከዳዕ ጋዜጤኛ መሓሪ ምስግና ክትቅንጽሎ እንከላ: ብሓደ መዓንጣ ዘይቆጸረ ወዲ 13 ዓመት ህጻን ፈዳይን ኢላ ከቲባ ኢያ ቀቲላቶ በለ:: ደጊሙ እቶም ሽዑ ዝነበሩ ፈዳይን: ንሓደ ማስቲካ ሽጋራ ዝሸይጥ ዝነበረ ካልእ ህጻን ወዲ 13 ዓመት 'ውን: ኣብ ናይ ዒጀል መኪና ቦምባ ከጻውድ ሊኢኾሞስ: ብሰሮም ተታሒዞ: እዞም ክልተ ህጻናት ከኣ: ምሳይ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ነይሮም:: እቲ ንሙሴ ምስግና ዝቐተለ ወዲ 13 ዓመት ህጻን ከኣ: 15 መዓልቲ ቅድሚ ነጻነት ተረሺኑ:'' ክብል ደምደመ::

ኣንቱም ህዝቢ እቶም ፈዳይን ህዝባዊ ግምባር ተባሂሎም ዝጽውዑ እኮ: ስዉእ ብሪጋደር ጀነራል (ቫይናክ): ስዉእ ዛንዛራ: ስዉእ ወዲ ቡላን ካልኦትን ኢዮም:: እዚኦም ከኣ ኩሉ ዘእትዎምን ዘውጽኦምን ዝፈልጡ: በላሕትን ረቀቕትን መስተውዓልትን: ንመደባቶም ጥራይ ዘይኮነ ንመደባት ውድብ ሓንጺጾም ዝመርሑን ዘካይዱን ዝነበሩ: ብውድባዊ እምነቶም ይኹን ብቕዓቶም ሉልያትን: ልዕሊ ኹሉ ዝተመስከረሎም እሙናትን ኢዮም ነይሮም:: ብዕድመ ደረጃ ኸኣ: እንተወሓደ ልዕሊ 25 ዕድመ እንከለዉ ኣብ ስሪሒት ፈዳይን ዝተዋስኡ: ሙኩራት በጃ ክሓልፉ እንተዘይኮይኖም:

ብዋጋ ናይ ካልእ ህይወት: እሞ ኸኣ ብዋጋ ህጻናት ንህይወቶም ዘትርፉ ዓመጸኛታት ኣይነበሩን: ኣይኮኑን 'ውን:: እሞ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ድኣ ነዚ ሰማይ ዘጠንቁር ናይ ሓሶት ታሪኽ: ካበይ ኢዩ ኣምጺእዎ? እምበርከ ከም ኤርትራዊ ብዛዕባ ታሪኽ ደቂ ኣራዊት ኣፍልጦ ኣለዎ ዲዩ? ኣበይ ክህልዎ:: ''ታሪኽ ጣምራ ጦር'' ኢዩ ዘሎ ኣብ ሽከናኡ::

ኣብ'ዚ ክለዓል ዝግበኦ ሓደ ዓቢ ሕቶ ኣሎ:: ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ዕድሚኡ ምሉእ: ኣሸንባይዶ ፈዳይን ኢሉ መዓንጣ ዘይቆጸረ ወዲ 13 ዓመት ጠበንጃ የዕጢቑ ፈዳይን ኢሉ ከዋፍርሲ ይትረፍ: ኣብ ተራ ኩናት 'ውን ወዲ 13 ዓመት ህጻን ኣይኮነን: ወዲ 17 ዓመት ኮቴተ መንእሰይ 'ውን ኣየሳተፈን:: ፈዳይን ማለት: እንታይ ማለት ኢዩ? ጥራይ ዘይኮነ: ከመይ ዓይነት ሰብ ክኸውን ኣለዎ? 'ውን ምዝርዛር ዘድልዮ ጽዋ ኣይመስለናን:: እዚ ዘረባ ኣጸባቢቕካ ዝቐርብ


## ሰናይት መሓሪ




ዘሎ ሓላል ታሪኽ ከመስል: ብህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ከም'ቲ ሰናይት መሓሪ ካብ ጀርመን: ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ: ብሓፈሻ ሰውራ ኤርትራ:- ''ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ: ኣብ ቅድመ ግምባራት ኣብ ኩናት የእትዉና ነይሮም:: መፈተሺ ፈንጂ ኸኣ: ይገብሩና ነይሮም::'' ኢላ: ምስ ተጻባእቲ ኤርትራ ዝኾኑ ሓይልታት: ንታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ብምድዋን ዝጸሓፈቶ መጽሓፍ: ብተባዓት ተቓለስቲ ዝተመከተት: እዚ 'ውን እንዳ ሓደረ መንጸፍ ናይ'ቲ እከይ ውዲት ብከላ ታሪኽ ገድሊ ኤርትራ ብተጻባእቲ ንኽራጎድ ተባሂሉ ዝንስነስ ዝነበረ መርዚ ኢዩ:: ኣብ'ዚ ናይ ሳይበር ኩናት ከኣ: ሞኒተሪን ግሩፕ ይኹን: በዓል ሺላይ ቆሊባይ ሃሱሳተን ሰዲደን ዝሓድራን ዝውዕላን ቡኡኡ መሰረት ከኣ: ረከርድ ገይረን ነቲ ዘድልየን ንምጽብጻብ ከም ዝጥቀማሉ: ናይ ሜሮን እስቲፋኖስን ናይ ኤልሳ ጭሩምን ጭራሕ ምራሕ ጨብረቕ-ረቕ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: እኹል ኣብነት ይመስለና:: እሞ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ድኣ: ካበናይ መዝገብ ታሪኽ ኢዩ ኣምጺእዋ እዛ ናይ ወዲ 13 ዓመት ፈዳይን ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ምቕንጻል ከዳዕ ጋዜጤኛ መሓሪ ምስግና እትብል? ንምንታይ ዕላማ ኸ? እቲ ብድሕሪ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ዘሎ ገንኢ: ተገልቢጡ ክወጽእ ኣለዎ:: ኣብ'ዚ ክንጽር ዘለዎ ነጥቢ: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ብዛዕባ እቶም ቀንዲ ኣሳሰይቲ ናይ ወያነ ዝኾኑ ኣካላት: ብፍላይ ከም ሉኡል ጋይምን መሓሪ ኣብርሃምን ክሕተት እንከሎ: ወትሩ ክምልስ ዘይምድላዩ ምስ እትዕዘብ: እታ ብድሕሪኡ ዘላ ገንኢ: ነቲሕ!!! ነቲሕ!!! ትጨኑ ከም ዘላ ኢዩ ዘረዳእ: እዛ ዝነተሐት ገንኢ በቲ በድኒ ጨናኣ: ኣፍንጫና ዓቢሳ ሳምቡእና ከይለከመትና እንከላ: ክትኮዖ'ዩ ዘለዋ! እዚ ኢዩ እምንቶ ጉጅለ ተጻናጸንቲ እከይ ዊዲታት::

ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ድሕሪ እቲ መደባት ወያነነን ሽርሕታት ተለኣኣኽቱን ናይ ህዝብና ግንዛቤታት ንምሕያልን: ነቲ ዝካየድ ስነ ኣእሙራኣዊ ኩናት ነቒሒሉ ክጸንሕ ብማለት: ነቲ በብእዋኑ ናብ መርበብ ሓበሬታ መስከረምን: ተስፋ ኒውስን: ማዶተን ንልእኮ ዝነበርና: ጸብጻባት እከይ ተግባራት ወያነን: ዊዲታዊ ፍልሰት መንእሰያት ኤርትራ ብጸላእቲ ኤርትራን ህዝብን ዘቃልዕ ጽሑፋት ድሕሪ ምዝርጋሕና: ብፍላይ ከኣ: ኣብ'ቲ ናይ መንእሰያት ኣስተምህሮ ዝህብሉን ሓሳብ ንሓሳብ ብምልዉዋጥ: ፖለቲካዊ እምንቶኦምን ዘስፍሑሉን: ሃገራዊ ሓድነቶም ፍቕሮም ዘደልድሉሉ: ናይ ገዛእ ርእሶም ፓል ቶክ: ብስርዑን ብመደብ ክንበብ ምስ ጀመረ: እቲ ኣወንታዊ ተግባር ንወያነን ተለኣኣኽቶምን ሰላምን ዕረፍትን ቅሳነትን ስለ ዘይሃቦም: ውዲታዊ ማእለማታት ካብ ምፍሓስ ዓዲ ኣይወዓሉን:: ነቲ ሩም ናብ ምብትታንን

ሓድነት ናይቶም መንእሰያት ናብ ምዝራግን ንቑንዲ ኣውራ ዝኾኑ ሉሉያት ተቓለስቲ: ብእምነት ናይ ዝተዋህቦም መፍትሕ ኮድ ዉልቀ ኮምፕዩተር ብምትርጓርን ቁልፊ ኮድ ሩም ብምስራቕን: ሰነዳት ህዝብን መንግስትን ግምባርን: ሉልያት ውልቀ ሰባትን ብምዝራፍ: ኣብ ሓደ መቓልሕ ኤርትራውያን ዝብሃል ሩም: ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ጎስጓስ የካይድሉ ኣለዉ::



ዮናስ ርስቶም (ሊስትሮ): ኣተዓባብያኡ ብዝፈጠረሉ ጸገም: ምስ ውልቀ ሰባት ብዝፈጠሮ ናይ ቂሚን ቅርሕንትን ኢስነ ምግባራዊ ተግባራትን ንምስሊ ማሕበራዊ ክብርታት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ብዘዋርድ መልክዑ: ኣብ ባህልን ልምድን ኤርትራውያን ባይታ ዘይብሉ ጸይቂ ትፍጽምቲ: ንኽትዛረበሉ 'ውን ዘሕንኽ ብዝተፈላለየ ሃለዋተን ዘዋፍእን ዘዐንዝዝን ዘደንዝዝን ዘይፍሉጥ መስተን መድሃኒትን ብምሃብ: ዕራቕን ዝወጸ ስእልታት ኣብ ኢዱ ብምሓዝ: ወይዛ እዛ ስእሊ! ወይ ገንዘብ! እንዳበለ: ብቐትሪ ጸሓይ: ብለይቲ መብራህቲ ኣብ ዝደመቑ ሃገራት ኤውሮጳ ዝሸፈተ ዮናስ ርስቶም (ሊስትሮ): ነዘን ደቂ ኣንስትዮ እዚኣን ከሳቕየን እንከሎ: ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ሰብ: ግዴዎን ሃብቶም (keren) or (wedi flansa) ክጣበቐለን ነይሩዎ: ምኽንያቱ ካብ መቕርብ መን ይቐርብ ኢዩ ነገሩ:: ኣብ'ዚ ከነስምረሉ እንደሊ ጉዳይ ኣሎ: እተን ብዘይ ድልየተን ከይፈለጣስ ይኹና: እንዳፈለጣ: ዕራቕን ዘለዎ ስእልታተን ናብ ፈቓድኡ ይዝርጋሕ ስለ ዘሎ: ነዚ ንኽብረን ዘነውር ጉዳይ ከኣ: ኸተያን መውረርያን ክግበረሉ ስለ ዘለዎ: ነዚ ጉዳይ ዝርገሐ ስእልታተን ደው ንምባል: ኣብ ከባቢኣን ዝርከብ መደበር ፖሊስ ቀሪበን ሕጋዊ ክሲ መስሪተን ደው ክብለኦ እንተዘይኪኢለን: ወይ ድማ: ከም ኣማራጺ ናብ ቀረበኣን ዘሎ ወኪል መንግስቲ ኤርትራ እንተዘየመልኪተን: ዮናስ ርስቶምን ብድሕሪት ዝደፍእዎ ዘለዉ ተረባሕቲ ናይቲ እከይ ውዲት: ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ)ን ዕሉል ናይ ኣውራጃዊ ሕማም ዝንባሌ ሒዙ መንእሰያት ክኽፋፍል ዝውዕል ዘሎ: ስምኦን ወልዳይ (ሳይሞን) ካብ ሸወደንን ግዳይ ካብ ምኧን ኣይክድሕናን ኢየን;; ነዛ ስእሉ 'ውን ናይ ስነ ኣእምሮ ተመራመርቲ እንተዝምልከትዋ 'ውን: ናቶም ትዕዝብቲ ምሃብሉ: ኣብ ኮምፕዩተር ናይ ውልቀ ሰባት ብምእታው: ነቲ ብመንእሰያት ህዝባዊ ግምባር ደሞክራስን ፍትሕን ዝምእዘን ሩም: ቁልፊ መፍትሑ ብምቁጽጻር ንሰዓታት ዝቐጽለ መድርኽ ክቆጻጸሮ እንከሎ: ኣድብዩ ዝጽበ ዝነበረ ሓኸሊ ድሙ ክመስል ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ነቲ ኩነታት ኣብ ክምዝምዘሉ ዝኽእል ሓድነት ናይ'ቲ መንእሰይ ናብ ምብትታን ንኽጥቀመሉ ግዜ ኣይወሰደሉን::

"ልሳንካ እንካብ ምግዛእሲ ዓለም ምግዛእ ይቐልል" (ሃዋርያ ያቆብ 3ይ ምዕራፍ) በቲ ካቡኡ ክውሕዝ ዝቕነየ መርዝን: ካቡኡ ክንጠብጥብ ዝቕነየ ጓህርንሲ: ሒደት ክምዘይተገረምና ተስተውዕልዎ ኢኹም:: ነዚ እዝነ ልብኻ ዓጺኻ ናብ'ቲ ኣፍራስን ኣጥፋእን ዝኾነ ናይ ማሕተም ምትህልላኽ ምድሃብ: መርዚ ብዝመልአ ኣስናን ከኣ: ክትመናጨት ምድላይ: ብገዛእ ካራኻ ክትሕረድ: ብገዛእ ገመድካ ድማ ክትሕነቕ ምድላይ ምኧኑ: እተረጋገጸ ኢዩ::


ፈላስን መዋቕስን ሰቲ ዝተነጽፎ ጉድጓድ ክፍሕሩልካ እንተተረኺቡ: ንዓኻን ንመንግስትኻን ቀቢሮም ኪናበሩን ኬናብሩን እንተዘይኮይኑ: ንኻልእ ከጠቅም ከም ዘይክእል ኣይትጠራጠር:: ከም እሾኽ ኣብ ጎኒ ትርኣስ ኢዩ ዘሎ መጋብሮም:: ሽማግለ ተባሂሎም ወጺኦምሲ: ሽማግለስ ነገር ኣገናዚቡ ይዓርቕ ድኣ 'ምበር: ነገር ሰሪሑ ኣይጉርጉርን:: እቲ ዝበኣሰ ናይ'ቲ ክይደቀሰ ዝሓለሞ ሕልሚ ክዉን ዝመስሎ ሽማግለስ ኣይረኣናን:: ዕድመ ዝጸገበኩ ኢየ ኣብ'ዚ ዕድመይ'ዚ ክሕሱ ኣይደልን ዝብል መልሓሰኛ: ፈላሲት ዑናጉዶ 'ዉን ብዕድመን በቲ ፈሊሰ ኢላ ዘገልገለቶንሲ ትዓብዮ 'ምበር ኣይትንእሶን: ነገር ተኸሻሕ ኢሉዎ ግን: ብተግባር ናይ ምጥቓስ ልምዲ መምህራ ኮይኑ ሓሊፉዋ ኣሎ:: እምበር ክ

ስምኦን ወልዳይ (ሳይሞን): እንተላይ ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ሽማግለታት ከይተረፈ ኢዩ እኮ: ''እቶም ሽማግለ ተጠላቕዮም ኢዮም:'' በታ ኣደማምጻኡ ኢና ኣቐሚጥናያ ዘላና: ካን ተጠላቕዮም!!! ኢሉዎም:: እዚ ሱር ዘለዎ ኣበሃህላ ናበይ ገጹ ኢዩ ዘምርሕ ዘሎ?

ስምኦን ወልዳይ (ሳይሞን) (ጸዋር): ኤርትራ ይነብዕ ኣለኹ ሞ! ብስጋኻ ሓብሰለይ! ይፈርስ ኣለኹ ሞ! ብዕጽምትኻ ንደቐለይ! ይድወን ኣለኹ ሞ! ብደምካ ኣጸብቐለይ! ከም ዓለመይ ክነብር ይደሊ ኣለኹ ሞ! ኣብ ክንዳይ ኮይንካ ህይወትካ ሕለፈለይ!! ኢላ ኤርትራ ብዘይዕረፍቲ ኣብ እትነብዓሉ ዝነበረት ግዜ: ኣብ'ቲ ህሞት'ቲ ንገድሊ ድልያ ናጽነት ብንቦ ዓይኑ ርእዩዋ: ብዘይ ንሕስያ መዛንኡ ንድልያ ነጻነት ንበረኻታት ኤርትራ ከም ኢራብ ክናጠርሉ እንከለዉ ኢዩ: ዝያዳ ኹሉ ነፍሱ ፈትዩ ናብ ሽወደን ዝተዓቕበ:: ነፍስ ወከፍ ዜጋ ነዛ ሃገር: ሃገር ክብርን! ሃገር ሰማእታትን! ሃገር ሕድሪ ህልዋትን! ንኽትከውን እንታይ ኣበርኪቱ ሕልፍን ትርፍን ከይህልወና ጥራይ ዘይኮነ: መዐየሪ ሚዛን ደረጃ መለኪዕና ክኸውን ብማለት: መስፈርቲ ተዋሂቡና ኢዩ:: ስምኦን ወልዳይ ናይ ሱሳታት (ሳይሞን) በሉኒ ናይ መበል 21 ክፍለ ዘመን: ኣበርክቶኡ ንሕና ካብ እንገልጾስ: መዛግብቲ ኣብያተ ጽሕፈት ሽወደን ነቲ ዘለዎ ሕዱር ኣውራጃዊ ሕማማት ብኸመይ ይገልጸኦ እንተዝዝርዝረኦ: ህዝቢ ምተጠቕመ: ስምኦን ወልዳይ (ሳይሞን) ከኣ: ምተኣረመ:: ኪኖ እዚ ግን: ኣብ ኢንኪሒራ ናይ ዝተቕማጥዑ: ዓመት መጸ ፊቕያ ጸይቕታታ ከውጽኡ ናይ ዝደልዩ ከይስታት ተኸታቲልካ ናይ ምቅለያም ስራሕ: ስራሕ መንግስቲ ጥራይ ዘይኮነ: ብቐንዱ ስራሕ ጉጅለ ተጸናጸንቲ 'ውን ብምኳኑ: ጉጅለ ተጸናጸንቲ ቀሲኖም ዘይድቅሰሉ ዕማሞም ምኳኑ ምዝኽካር: ንቡር ይመስለና::

ሓላፊ መንእሰያት ህግደፍ
ኣብ ኤውሮጳ
ቴድሮስ ጎይትኦም

ሓላፊ ትሕተ ሃገራውነት
ሕማም ኣውራጃ
ኣማኒኤል ካሕሳይ (ራስታ)

ነቲ ወይስ ነቶም ካብ ጉዳይ ደቂ ኤርትራ ኣዘንቢሎም: ናብ ዘይግድሰና ካልእ ጉዳያት ክመርሑና ኢሎም: ኣብ ዘይጃልባና ክሰቕሉና ዚደልዩ ሰባት ኣይንስመዓዮም:: ናይ ነፍስ ወከፍና መልእኽቲ: ወይ ኣግገልግሎት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ጥራይ ኢዩ:: እዚኣም ደርበይቲ እምኒ ኢዮም: እቶም ክቕትሉና ዝደልዩ እንተዘምጽኡልና: ነቶም ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢሎም ዝለኣኹዎም እንተ ዝኾኑ ምሓበርናዮም ነይርና: እንተዘይኮይኑ ኣማኒኤል ካሕሳይ (ራስታ) 'ውን እኮ: በቶም ኣብ ሳሎን ኮፍ ዝበሉ ተላኢኹ: ንቴድሮስ ጎይትኦም ዓይኑ ከይሓሰየ: ቴድሮስ ጎይትኦም ሓደ ካብዞም ናይ ሂማን ትራፊኪን ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ኮይኑ ጸኒሑ: መንግስቲ ጀርመን ናይ ዲፕሎማት ወረቐቱ ከይገደሰም: ንመንበሪ ገዝኡ ፈቲሽሞ:: ኣብ ቀረባ ግዜ ክፍረድ ኢዩ: ከሕነቕ'ዩ እኮ ተባሂሉና ኢዩ:: ሓቂ ሒዝና ድኣ ንኺዳ እዛ መንገዲ: እንተዘይኮይኑ ቀደም እኮ:- ''ኣፍካ ኣይጽረፍ: ኢድካ ኣይግረፍ'' ኢሎም ኢዮም ኣቦታት: ሌፎ ንኣመሉ ኮይኑዋ ኣሎ ግዜ::

ልቢ ጎበዝ ኣብ ደረቱ ከም ዝበሃል: እቶም ብግዝያዊ ዘይምስምማዕ ቀላጽሞም እንተሓበጠስ ዝለበሙ ዝመስሎም መንእሰያት: ነቲ ኩነታት ከይመዘኑ ሆ! ክብሉ እንከለዉ: ሽማግለ ኢና እንዳበሉ ነቲ ኩነታት ናብ ኣውራጃዊ ጥሙሓቶም ዝቐየርዎ ከም ዘለዉ ክርድእዎ ኣይከኣሉን ኣለው:: እቶም ዝተረፉ ኣብ ደምበ መቓልሕ ኤርትራውያን

ኣፎም ከም ዝሃቦም እንዳ ተዘረቡ: ከም ጭራ ጠበቕ ዘዕለብጡ ሰባት ከኣ: መብዛሕትኦም ኣስናኖም ክሳብ ዝሕርከም ገንዘብ ኢትዮጵያ ዝነጸዩ: ኣብ ማሕበር ህዝቦም ዋጋ ዘይብሎም ጥርቕምቃም ኢዮም:: ዝበልዕሉ ጻሕሊ ዝሰብሩ ፍናፍንቲ መኼዳ ውዕለት ሓንቲ መዓልቲ 'ውን ትኹን: ንኤርትራ ብልቢ ተንተርኢሶም ዘይሓልዩላ ኢዮም:: ሓሳዊ ዓመት ይሕሱ: ዓመት ይደግም: እንተበዝሐ ኸኣ 5 ዓመት ይሕሱ: ንዘለኣለም ክሕሱ ምስ ዝነብርሲ: ብገዛእ ርእሱ ተሓኒቑ ክም ዝመዉት ይሁዳ ኢዩ:: እዚ ትፍጽምቲ እዝስ ቀንዲ ዝብለጸሉን ዝሰርሓሉን ዘሎ: ግዜ ሓልዩ ክዕንድረሉ ዝፍትን ዘሎ ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ኢዩ::

ብድሕሪ እዚ ብኣላይነት ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): ብዕለት 29-11-2014 ወግዓዊ ጸብጻብ ክንህብ ብማለት: ሓደ ሰፊሕ ጸብጻብ ቀሪቡ:: እቲ ዝቐረበ ምሉእ ጸብጻብ ብናይ ድምጺ ቅዳሕ ዝተቐርጸ ብምዃኑ: ናብ ዝርዝሩ 'ኳ እንተዘይ ኣተና: ካብ'ቲ ብዙሕ እዚ ዝስዕብ ሓረግ ይርከቦ:- "እዞም ካብ ሳሕል ጀሚሮም ንዝተሰዉኡ ኣሕዋትና ዝጠለሙ ተጋደልቲ: ሎሚ እሙናት ብምዃን: ነዚ ሒዝናዮ ዘለና ናይ ምእራምን ለውጥን ቃልሲ ክዕንቅፉና ኣይክእሉን ኢዮም:: ሎሚ ኣብ ፓል ቶክ ንሰባት ሓራ ገይርና ኣለና: ጽባሕ ከኣ: ኣብ ባይታ ንህዝብና ሓራ ከነውጽእ ኢና:: ቃልሲ: ካብ ስድሪ ናብ እመት እንዳበልካ ኢኻ እትሳገም::" ኣብ'ዚ ዝለዓል ሕቶ ኣሎ: መን ኢዮም ንኣሕዋት ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) ካብ ሳሕል ኣትሒዞም ዝጠለምዎ? መሪሕነት ግምባር? ብዓቢዩ ውድብ ህዝባዊ ግምባር? ፍሉያት ተጋደልቲ? መንዮም? ሓደ ካብ'ቲ ክምለስ ዘለዎ መርዛም መልእኽቲ ናይ'ቲ ናይ

ኣማኒኤል ኣርኣያ ሓጎስ (EDF)



ዕንወት መልእኽቲ ጸብጻብ ኢዩ:: ቀጺሉ ነቶም ኣስታት 200 ዝኾኑ: ወያነ ዘዋፈረቶም ኣብ ስመር ሩም መሕደሪኦም ዝነበረ ተጸባእቲ: ባን ተገይሮምሉ ዝነበሩ ነጻ ከም ዝኾኑ ድሕሪ ምግባር: ኣማኒኤል ኣርኣያ ሓጎስ (EDF): ከም'ዚ ወዲ ጣባ ዝበሎ:- ሎሚ ኣብ ፓል ሰባት ካብ ማእሰርቲ ሓራ ገይርና ኣለና: ጽባሕ ከኣ: ኣብ ባይታ ንህዝቢ ኤርትራ ሓራ ክንገብሮ ኢና ኢዩ ዝበለ:: ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ማእሰርቲ ዷዩ ዘሎ? ዋእ ኣንቱም ሰባት እዞም ሰባት ካብ ጽንጽያ ጥቦሖት ከውጽኡ: ኣብ ሃገር ምጉዝዛይን ፖለቲካዊ መስመር ንምሽርሻርን ኢዮም ዝሰርሑ ዘለዉ::

ገብረየሱስ ፍካክ ሲራክ ባህልቢ





ሕማቅ እንታይ የውጽእ? ማይክ እንታይ የግስዕ? ማይ ስትይ እንተወዓልካዮ ልዛይ ዝጥዕም መረቕ ይፈጥረልካን የብዝሓልካን እምበር: ሺሻይ ኮይኑስ ኣየግሰዓካን:: ካብ መቓልሕ ሩም ንስማዒ ደስ ዘብል: ጭውነት ዝመልአ ኣዘራርባ ክዝረብ ኣይክኣልን: ከመይሲ ሕማቕ ዘምጽኦ ጽቡቕ የለን: ማይ 'ዉን ዘየግስዕ ኢዩ ሞ: ካብ ከምኣቶም ዝኣመሰሉ መፋልስ 'ዉን: ናይ ዝዓበደ ከልቢ ዉሕ! ዉሕ! እንተዘይኮኑ: ካልእ ቅዉም ነገር ኣይርከቦን:: ገብረየሱስ ፍካክ ካብ ግዳያት ላምፓዱዛ ንሰለስተ ሰባት ብምርካብካ: ካብቶም ሰለስተ ኸኣ: ንሓንቲ ኣይሰሙን ኣይሳልስቲ: ካብ'ቲ ዝነበረቶ ሕክምና በሪራ ንዝመጸት ጓል ኣንስተይቲ: ካብ'ቲ ህዝቢ ዘዋጽኦ ዝነበረ ገንዘብ በጺሑኩም ዶ ኢልካ ብምሕታትካ: ኣነስ ቀልጢፈ ኢየ መጺአ ኣየርከብኩሉን ንስለ ዝበለትካስ: ንግዳያት ላምፓዱሳ ኢሉ ዝተዋጽኤ ገንዘብ 'ውን: ኣብ መዓላኡ ኣይበጽሐን:: እቶም ነቲ ገንዘብ ዘዋጽኡ ዝነበሩ ኸኣ በዓል ሲራክ ባህልቢ ኢዮም ምባልካስ: እንታይ ክትብል ስለ ዝደለኻ ኢዩ? ሲራክ ኣቦይ እዝጊ ዓዲልዎ ክሳዱ እንተሞንገደ: በቲ ኣብ ላምፓዱዛ ዝተዋጽአ ገንዘብ እሞ ጠፊኡ እትብሎ ዘለኻ: ክሳዱ ዘጥዓወ ዶ መሲሉካ ይኸውን:: ካብ'ቲ ናትካ ዝበኣሰ

ኸኣ 100% ዘረጋገጸ ክመስል: ግዴዎን ሃብቶም ንስለ ውሽጣዊ ጥሙሓቱ: እወ! ናይ ላምፓዱዛ ዝተዋጽአ ገንዘብ "ዉን ብርግጽ ጠፊኡ ኣብ መዓላኡ ኣይወዓለን:: ናይ'ዚ ተሓተቲ ኸኣ በዓል ሲራክ ባህልቢ ኢዮም ሰሪቖም በሊዖሞ ዘለዉ: ንሳቶም ኢዮም ገንዘብ ዘዋጽኡ ነይሮም ኢሉ ገሊጹ ብዘይሕንከትን ሕፍረትን:: ግዴዎን ሃብቶም ኣቦታት ክምስሉ:- "ዝበኣሱ መላእኽቲ: ዘይዕረቑ ሰይጣውንቲ:" ንስኻ ግዴዎን ሃብቶም: ምስ ሲራክ ባህልቢ: ያሬድ ተስፋይ: ቴድሮስ ጎይትኦም ከምቶም ናይ መላእኽቲ ባእሲ ዘይኮነ ዘለካ: ከምቶም ዘይዕረቑ ናይ ሰይጣውንቲ ባእሲ ኢዩ ዘለካ:: ንስኻ 'ውን ብግዴኻ: ነዛ ጉዳይ መዝሚዝካ ናብ ውልቀ ረብሓኻ ክትጥጅኣ ደሊኻ:: ግዴዎን ንሲራክ ይኹን: ንቴድሮስ ዋላ 'ውን ንያሬድ: እቶም ኣሕሉቕ ኩላትኩም ብቑዓት ኢኹም ስለ ዝበልዎም 'ምበር: ንሳቶም እዞም ሰባት: ሻፎ በትሪ ሒዞም ብቓጻ እዛ ቦታ ንዓና ሃቡና: ብዘይካ ንዓና ንኻልእ ኣይትምልከትን ኢያ ኣይበልዎምን:: ዓጊቦም ወይ በዲሎም ወይ ተጋግዮም ኣለዉ እትብሎ ነገር እንተነይሩካ ኸኣ: ኣቐዲምካ ኣጸሉኡኒ ኢልካ ዘይኮነ: ብሰንሰለታዊ መንገዲ ሒዝካ ኢኻ ክትሙጉት ነይሩካ: ሰንሰለታዊ መንገዲ 'ኳ ክንደየናይ ከይትፈልጦ: ሰንሰለት ትኽተል ነይርካ እንተትኸውን ድኣ: ንዮናስ ርስቶም (ሊስትሮ) ብሓንቲ እግሩ መንጠልጠልካዮ ነይርካ:: እቲ ምንታይሲ ካብ እዝግስ እኮ ብዓጽመ ስጋኻ ኢዩ ተጻዊቱ ዘሎ:: ኣብ ባህልና ዘየለ ነባሪ በሰላ'ዩ ኣብ ኩርኒዕትካ ገዲፉ ዘሎ: 'ምበር ናይ ገብረየሱስ ፋካክሲ ደሓነይ: ኣብ ናይ ጥሪ ዝፈረሶ መርዓ ስለ ዘይሰለጠ'ዩ ዘዕገርግሮ ዘሎ: ደሓር ከኣ ኹሉ ኹሉ ኢዩ ተሓዋዊስዎ 'ምበር: ዋላ ነቲ ወኪል ናይ ነርወይ ብመንነት ይኸሶ: ናይ 12.000 (ዓሰርተ ክልተ ሽሕ) ክሮና ነርወይ ኣታዊ ዝገበርኩሉ ረሲት ኣይገበረለይን ኢሉ ይኸሶ:: ኩሉ ዘቕረቦ ክሲ ግን: ናይ ሳይበር ኩናት ኮይኑ ተሪፉ:: ገብረፍካኩም ግዴዎንኩም ብዛዕባ ናይ ላምፓዱሳ ዘቕረብኩሞ ክሲ የሕሚሙኩም ዘይኮነ: ውራይ መንበርን ስልጣንን ኢዩ ተራእዩኩም ዘሎ: ዘቕረብኩሞ ክሲ ኸኣ ቀሊል ስለ ዘይኮነ: ተኸሰስቲ ባዕሎም ክምልስልኩም ተስፋ ንገብር: እንተ ብወገና ግን ተግባራትኩም: ሓያም ንጥሪ ኢያ ትረግም ኮይኑና ኣሎ::

ሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ): በዚ ደው ከይበለ: ነቲ ብጉጅለ ተጸናጸንቲ ዝወጸ ጽሑፋት ኢዩ ክሃርም ፈቲኑ: ንሱ ይብል:- እዚ ብጉጅለ ተጸናጸንቲ ዝወጸ ጽሑፍ: ብፍላይ ከኣ: ኣብ ደምበ መንእሰያት ህዝባዊ ግምባር ደሞክራስን ፍትሕን ምንባቡን: መንእሰያት ግንዛቤታት ምሕዳሮምን: እቶም ለኣኽቱ ስርዓት ወያነ ስለ ዘይተዋሕጠሎም ክብርዞ ነይሩዎ: ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: ሕጂ ነዚ ግዝያዊ ናይ ሓርጎጽጎጽ ተረኺቦ ብምምዝማዝ: ግዜ መሪጹ: እዚ ብጉጅለ ተጸናጸንቲ ዝተጻሕፈ ጽሑፋት: ብምሉኡ ኣብ ሓሶት ዝተሞርኮሰ ጸለመ ኢዩ ዝበለ:: ኣብዚ ብዘይ ነሓፍነት ክንምልሰሉ ኢና::

ብመጀመርያ ነየናይ ጽሑፍ ኢዩ ሓሶት ዝብሎ: እቲ ብመንገድና ዝቐረብ ጽሑፍ እዚ ዝስዕብ ኢዩ:-

1. "ህዝቢ ኤርትራ ብዕሊ ክግንዘቦ ዝግባእ ሽርሕታት ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራን: ስንክሳር ማሕለኻታቱን!!!" እዚ ጽሑፍ እዚ ብተኸታትሊ ብሽዱሽተ ክፋላት ክዝርጋሕ እንከሎ: ብጠቕላላ 168 ገጽ ነይሩዎ:: ኣብ'ዚ ተኸታታሊ ጽሑፍ እዚ: እዚ ዝስዕብ ዕላማ ዝሃርም ኢዩ ነይሩ:-

ሀ. ኢንኺሒራዊ መደባት ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን: መንግስቲ ናይ ምቕያር መደቡ ብዝርዝር ዘቃልዕ:

ለ. ነዚ ጉዳይ እዚ ዘስልጡ መጋባርያ ኣስማቶምን: ስእልታቶምን ህዝቢ ንኽፈልጦም ዘግሃደ:

ሐ. ንናይ በልጅም ሚስጢራዊ ኣኼባ ወያነን: ልኡኻት መጋባርያታቱን: ዝርዝር ውጺኢት ኣኼባታትን ሰንሰለታዊ ምትእስሳሩን: ንሙሴ ዮውሃንስ (ወዲ ጣባ) መሳርሕቱን ሓለቑኡን ዝኾነ ሉኡል ጋይም ብስካይፒ: ንተሳተፍቲ ሚስጢራዊ ኣኼባ በልጅም ንዝሃቦ ኣስተምህሮ: ህዝቢ ንኽፈልጦ ዝገበረ:

መ. ካብ መጀመርያ ከይዲ ሚስጥራዊ ኣኼባ ቐጠር ደምበ ተቓውሞ: ምስ ሚስጥራዊ ኣኼባ በልጅም: ደምበ ተቓውሞ ሃይማኖታዊ ፍልልይ ዘለዎ ዕላማ: ግን ናይ ግዳም ተለቃቢ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ምምስራት ምንባሩን: ተሳተፍቱን መራሕቱን ዘቃልዕ:


ሰ. ብቐንዱ ኸኣ: ፍልሰት መንእሰያት ኤርትራ: ብመን ይዋደድን ይስራሕን ክግበር ዘለዎ ኣገባባትን በዓል መን ከም ዘካይድዎ: ምስናይ እኹልን ትሩፍን ጭብጥታቱ ዘቃልዐ ሰነድ ጽሑፍ ኢዩ ነይሩ::

ረ. እቶም ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ምጽንባር ድሌትን: ፀድታዊ ምንቅስቓስን ብምእላም: ምስ በዓል ሻለቃ ዳዊት ወልደገርግሽ ዝነጥፉን ዝሰርሑን ኤርትራውያን: ከም ብርሃነ ገብረንጉስ: ህዝቢ ምስ ህዝቢ ንዝብል እኩይ ዊዲታዊ መደባቶም: ናብ ህዝቢ ከም ዝቃላዕ ዝገበርናሉ:

ብርሃነ ገብረንጉስ

ሻለቃ ዳዊት ወልደገርግሽ





ኣብ'ቲ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዝብል ሲምፖዝዮም ዝቐረበ ጽሑፍ: ንህላዌ ንብርቲ ኢትዮጵያ ተባሂሉ ዝቐረበ ካርታን::

2. "እቶም ምስ ሞትና ዜግነት ዝሃቡና: ንኽንጠፍእ ስለ ዝዓደሙና ኢዮም: ዘየድሓኑና!!! ኤርትራውያን ግዳያት ውጻእ መዓት ላምፓዱዛ!!! ከይተሰወርኩ ስለ ዝሰወሩኒ ኢዮም!!! ዘይረኸቡኒ!!! በረራ ነፋሪት በይንግ 370 ማሊጂያ!!!" እዚ ኣብ ክልተ ክፋል ን 48 ገጻት ኣጣሚሩ ዝወጸ ጽሑፍ እዚ: ነቲ ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ: ንውልቃዊ መደባት ዋንነት ምህዞ 4 ተ ቻይናውያን K.L.O.3 ፍርያት ዋንነት ናይ ቴክኖሎጂ ዎር ፌርን: ኣብ'ታ ኣብ ላምፓዱዛ ዝጠሓለት ጃልባ ዝሃለቑ ቁጽሮም ልዕሊ 350 ዝኾኑ ኤርትራውያን: ናይ ነፍስ ወከፍ ሰብ ቀባሪ: ወይ ተቐባሊ ሬሳ 500 ሰብ ኢልና እንተሓሲብና: 175.000 ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ክቕበልዎም እንከለዉ: እቲ ኣቡኡ ዝፍጠር ምንጽርጻር! ኣውያት! ጫውጫውታ! ርእሲ ምንጻይ! ዕልቕልቕን ስቕታ ማሕበረ ሰብ ዓለም ኣብ ጉዳይ ኤርትራን: ዓሎቕን ስጊንጢራዊ ተግባር መንግስቲ ጣልያን ኣብ ልዕሊ ግዳያት ላምፓዱዛን: ምድፍፋእ ንመንእሰያት ኤርትራ ናብ መኣዲ ፍልሰት: መደረ ፕረዚደንት ባራክ ኦባማን: ቅርጻ ነውጺ ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን: ናይ ስርዓት ወያነ ንብዓት ሃርገጽ ምስሉይነት ሓዘን: ባንዴራ ፍርቂ ምውራድን: ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ህልቂት ናይ ሚልዮናት ቱትሲን ሁቱ ግዳያት ሩዋንዳ መዓልቲ ሓዘን ኢሉ ዘይኣወጀ: ብነድኢ ፖለቲካዊ ድፊኢት ወያነ: ሕብረት ኣፍሪቃ ንግዳያት ላምፓዱዛ ኣመልኪቱ: መዓልቲ ሓዘን ስደተኛታት ዓመታዊ ክበዓል ምእዋጁ: ሕቡእ ኣጀንዳ ዘለዎ እኩይ ውዲት ናይ እኩይ ህልቂት ምዃኑ: ዘቃልዕ ጽሑፍ ኢዩ ነይሩ::

3. "ህልዊ ኩነታት መንበሮ ኤርትራውያን ስደተኛታት: ኣብ ኢትዮጵያን ዝኸሓነ ጽልኢ ቅርሕንቲ ሰበ ስልጣን ወያነን: ስጉምትታቶምን ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታታ!!!" እዚ ኣብ 3 ክፋላት ዝተዘርገሐ 87 ገጽ ዝሓዘ ጽሑፍ'ዚ: ነቲ ስርዓት ወያነ ነቶም ንግዳያት ህልቂት ላምፓዱዛ ኣመልኪቶም: ናይ ዝኸሪ ሽምዓ ንምውላዕን ኣገባብ ኣተሓሕዛኦም ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ኢትዮጵያን ዘጓንፎም ዘሎ ስቅያትን: ዝዝረፍ ዘሎ ሰነዳቶምን ኣመልኪቶም: ስምዕታኦም ኣብ ልዕሊ ዘቕረቡ ኤርትራውያን ንዝተወስደ ስጉምቲ መሰረት ብምግባር: ፍሉይ ኣሃዱ ፌደራል ፖሊስ ኢትዮጵያ ብጠያይቲ ናይ ዝተሳህሎም: 29 ኤርትራውያን ህልቂት ዝጸብጸበ ጽሑፍ ኢዩ ነይሩ::

4. ክትራ ብቐትሪ: ሽፍትነት ጎዶቦ!!! ምስ ተሓዝለ ዝሓጽር ድንኪ!!!! እዚ ጽሑፍ እዚ: ኣብ 23 ክፋላት 226 ገጻት ዝሓዘ ኮይኑ: ንመደባት ወያነ ጠቐነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን: ዘይሕጋዊ ምእሳር ኤርትራዊ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ)ን: ዊዲታዊ መርመራን ጸብጻብን ስዉር ዊዲት ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ጠቐነን ብሪጋደር ጀነራል ተኸለ ክፍላይ (ማንጁስ) ምስ ዘይሕጋዊ ስራሕ

ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ) Jarat Chopra ብውዱት ንከሰተ ዝመርመረ



ምስግጋር ሰባት ሂማን ትራፊኪን: ናይ ዓሎች ጸብጻብ ልእኽቲ

ሜሮን እስቲፋኖስን ሚርያም ቫን ራይዘንን ኮኒ ሮይን ኤርትራውያን









ሜሮን እስቲፋኖስን ሚርያም ቫን ራይዘን ኮኒ ሮይን

ብ Prof.Dr.Mirjam Van Reisen ዝምራሕ: Europe External Policy Advisors (EEPA): ኣብ ዘይመንግስታዊ ትካል ኣባላት ኮይነን: ነቲ 85 ገጻት ዝሓዘ: ''Human Trafficking in the Sinai; Refugees between Life and Death.'' ''ዘይሕጋዊ ምስግጋር ኣብ ሲናይ: ሀላዌ ስደተኛታት ኣብ ሞንጎ ሕየትን ሞትን'' ብዝብል ኣርእስቲ: ብዕለት 26 መስከረም 2012 ሓደ መዘክር ናብ ዓለም ዝዘርግሓ ሰባት ኢየን ብማለት: ንትሕዝቶ ናይ'ቲ ብበለካ ለኽዓካ ዝተቐጽቐጸ መጽሓፍ ዘቃላዕናሉ: ብመንገዲ ሜሮንን ተሓባበርታን ንበደዊን ዝሰጋገር ገንዘብ: ናይ እትዋት ባንክ ሕሳቡ ዘጋለጽናሉን: ወጻእተኛታት ዘለዎም ምትእስሳር ምስ ፍልሰት መንእሰያት ካብ ኤርትራ ንህዝብና ዝነገርናሉን: ብተወሳኺ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ተቖጻጸሪት ጉጅለ:-

Matt Bryden

Coordinator monitering group on Somalia & Eritrea

Emmanuel Deisser


Arms expert

Babutunde Taiwo

Armed group expert







ነቲ ብS/2012/545/ report of the monitering group on somalia & Eritrea pursuant to Security Council resolution 2002 (2011) ኣብ ዘሕለፍዎ ውሳኔ ዝሃብዎ ጸብጻብ: ንኹነታት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ብደቂቕ ሓበሬታ ድሕሪ ምስፋሮም: ንኩነታት ሀላዌ ነፈርቲ ኲናት Mig-29 Fulcrums, SU-27 Falnkers, Mi 24 Hind Helicopter gunships ጠቒላላ ዝርዝራዊ ወትሃደራዊ ሓበሬታ: ኣብ ባይታ ዘለወን ኣቀማምጣ ብወትሃደራዊ ቅዲ ሑጻ መሰረት: ንዘይምልከቶ 3ይ ኣካል: ብፍላይ ንስርዓት ወያነ ኣሕሊፎም ብምሃቦም: ኣብ'ቲ ብመዝገብ ቁጽሪ S/2012/545/ ንዝተዘርዘረ ዓሎች ውድብ ሕቡራት ሃገራትን: ተጻብኦ ሰብ ፍሉይ ረብሓ

ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኢና ኣቃሊዕና:: ስለዚ ሉኡኽ ኩርኩር "Stooge" ወያነ ዝኾነ ሙሴ የውሃንስ (ወዲ ጣባ): ነዚ ጉዳይ ኣዘንቢዕና ከም'ቲ ናቱ ናይ ምትላል "Perfidy" ባህሪ ወሲድና ዘየቕረብናዮ ዲዩ ክንድ'ዚ ዘንብሖ ዘሎ: ንሕና ተዓሲብና ካብ ጸላእቲ ኤርትራ ዝወስድናዮ ገንዘብ የለን:: ንሕና ኣብ ዝባና ናይቶም ትማሊ ምእንታና ክብሉ ዝተጋደሉ እሞ: በጃና ክብሉ ዝተሰውኡ ናቶም ናይ ሕድሪ ዕዳ  ኢዩ ኣብ እንግድዓና ዘሎ:: ከም'ቲ ሙሴ የውሃንስ (ወዲ ጣባ) እትብሎ ድኣ: ነቶም ትማሊ ምእንታናን ምእንታኻን ግዜ ንእስነቶም ኣብ ምድላይ ነጻነት ዘሕለፉ: በዓል ሰለሙና ጥቕሚ ዘይነበሮም ሰፈርቲ ሓርጭ: ምስፋር ሓርጭ 'ውን ምግዳል ምኻኑ ኣይፈልጥካን? ካብ ትማሊ ምስ ዶርጎኛታት ጸላእቲ ኮይንካ: ኢሰፓ ብምኻን ህዝብኻ ምክልባት: ኣብ ሎሚ ኸኣ ጽንጽያ ወያነ ኮይንካ ዚዝዝ ካብ ምባልሲ: ሰፋር ሓርጭ ኮይንካ ሓርበኛ ተጋዳላይ ምኻን ኣበይ ይርከብ!!! ሓደ ካብ'ቲ ነቲ ውድብ ዓንዲ ሕቖ ዝኾነ ቁጠባ ማእከል ምኻን ማለት ኢዩ እኮ:: ነቲ ብርሃኑ ሲኢኑ ብርሃን ዝዓደለና: ካብ ህጻንነቱ ነዛ ናጽነት ዝደለያ ሓርበኛ ስንኩል ተጋዳላይ: ካብ ቀዳሞት ጀማሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኾነ ሓርበና ስንኩል ተጋዳላይ ጀማል (ዛግረ): ሓደ ጠምባር ኢልካ ኣብ ማእከል ሩም መቓልሕ ኤርትራውያን ክትጸርፎስ ሃየንታ ዶ ኣይኮነን: ነታ ንኽልተ ጾር: ጾታዊ ወጽዓን ሃገራዊ መግዛእትን ንዝተቓለሰት ኖሪት: ብዚግዛግ መልሓሳ ሓርነት ዘላበሰት መሲሉዋ ኢልካ: ንገድልን ተጋደልትን ካብ ዘናሸውካ ሰብ ድኣ እንታይ ክ ክንጽበ:: እቲ ጉዳይ እኮ: ጉዳይ ዕላማ 'ምበር ጉዳይ ዝናን ባህታን ኣይኮነን:: እቲ ካባኻ ዝወጽእሲ ዘይተፈቕየ ድህጾ ኣይኮነን: ቀደሙ ነቒሕናሉ ኢና::

## ሉኡል ጋይም



ስለዚ ሙሴ የውሃንስ (ወዲ ጣባ): ነቲ ኣብ ሞንጎ እቶም መንእሰያት ኣጋጢሙ ዘሎ ግዝያዊ ናይ ስድራ ቤት ጎንጺ መዝሚዙ ሰማይ ብምዕራግ: ምስ'ቲ ናይ'ቶም መንእሰያት ዝተፈጥረ ሽግር ብምትሕንፋጽን ብምትእስሳርን: ጉጅለ ተጸናጸንቲ ንዘቕርበዎ ርጡብን ርትዓውን ጽሑፍ: ናይ ሓሶትን ዓሎቕን ኢዩ ምባሉ: ካብ ጽንጽያ ጥብሓት ስጋ ከውጽእ ዝደሊ ዘሎ: ንቕንዲ ለኣኺኡ ሉኡል ጋይምን: ኣሕሉቑ ጁንታ ጃንዳ ወያነን ከሓጉስን ኢሉ እንተኾይኑ: ዘዋጽእ ዘይምኻኑ ከነረጋግጸሉ ንደሊ:: ምናልባት ዕላምኡ ዘይፈለጥናዮ መሲልዎ እንተሃልዩ ኸኣ: ሉኡል ጋይምን ሙሴ የውሃንስ (ወዲ ጣባ)ን: ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገጽ ምኻኖም ከነረጋግጸሉ እንከለና: ሉኡል ጋይም መን ኢዩ? ምስ ሙሴ የውሃንስ (ወዲ ጣባ) ዘለዎ ምትእስሳር ክ እንታይ ይመስል? ወያነ ንሓንቲ ውድብ ምልእቲ ወርሓዊ 10.000 ብር ጥራይ እንመወለት እንከላ: ንሉኡል ጋይም ወርሓዊ 25.000 ብር ትኸፍሎ: ስለምንታይ? ሙሴ የውሃንስ (ወዲ ጣባ) ኸ ክንደይ ይኽፈል ይኸውን? ኣብ ዝቕጽል ከነብርሆ ኢና::

ግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት

gdusattsenatsenti@gmail.com